# ሎሚ ኤርትራ !!

ጻሓይ ሪኹም ኣይትፍረዱ
ኣብ ዕራርቦ ኣይትፍረዱ
ጥልመት ሱር ሰዲዱ
ግፍዒ ብድዔ ሰዊዱ
መጋርያ ተንኮል ተኣጊዱ

ዕቁር ዝወዓለቶ ጸጋማ
ለይቲያ ትድሕድሖ እዛ ከተማ
ትምኒት ኣለዋ ዕላማ
ትነግር ኣላ ሕሰማ
ናይ ዕዳጋ ቃላት ነይጠቕማ
ኣንፈት መጻኢኣ ብደዋ ሓሊማ
ንሰላም ቅሳነት ኢላ ደምዲማ

ሎሚ እያ ኤርትራ ንብዓታ ተውሕዞ
ጸልማት ተኸዲና ተነብዕ ትቁንዞ
ግን ብሕልና እዩ ዝሰማዕ
ኣብ ልቢ ሰብ ምስ በለ ረማዕ፣

ንምንታይ ተጫኻኺኑ
ዓገብ ባሃሊ ተሳኢኑ
ሰብ ንሰብ ክገዝኦ እዋኑ
ረኤይዎሞ ክትኣምኑ
ኩሉ ክሓስብ ንዕምሩ
ከም መንዳዓት ኣብ ሕቆ ሰብ ሰፊሩ
እንታይ ድኣሉ ጉዱ እንትይ ነገሩ
ሃገርካን ባህልኻን ክፈርስ እናራኣኻ ምስጋሩ
ሃሲስካ ምጥፋእዶ ኣይኮነን ንሓዋሩ
ህዝብና እውን በብሓደ ከይዱ ጸሪሩ።

ሓርነት ዋሕስ ኢኺ ክንድኹሉ
ንስኺ እንተለኺ ንህሉ
እንተዘየለኺ ንጽምሉ
ያዕ በልዮም ነቶም ዘታልሉ
ድሕሪ ሃገር ይሕሊፍካብ ምሃብ እንታይ ክገብሩ

ቅድም ኣብ ገድሊ
ሕሰም ጎሲዒ
መሰላተይ ውን ተዘሪዒ
ኣጉሲዒ ምረት
መሲለ ቓረት
ሎሚ ወን ገድሊ
ንቃለስ ብዕሊ
ሕድሪ ስውኣትና ከነለሊ
ክነድሕኖ ንህዝብና ካብ ነውራም ሃላሊ።

ብ ሚካኤል ኣጎስቲኖ / ጀርመን
06.01.2019